# ሰብ ርጉም

ሰብ ርጉም ሓጺር እዝኑ
ጥዑይ ይመስል ክኸይድ ደኒኑ
ሕጉስ ይመስለካ እንተሰሓቕ ስኑ
ብህልኽ ዓዊሩ ቤቱ የዕኑ።

ግደፍ'ባ ጸዓር ክሓልፈልና
ጽልግልግ ተኣልዩ ክበርህ ዘመና
ኣይትእለም ተንኮል ኣይትፍሓስ እኪት
ብትብዓት ስራሕ ግደፎ ትህኪት።

ንሰባት ካብ ምሕማይ ተዓገስ
ሓሶት ወንዚፍካ ብቕንዕና ገስግስ
እምነት ተመገብ ንሓቂ ተሓንገጣ
መርገም ከይወርደካ ከይመጸካ ጣጣ።

ለዋሃት ትቐርበካ ካብ ስስዐ
ዝበላዕካ እንተበላዕካ ኩሉ ናብ ከስዐ
ናይ ሰብ ኣይትድለ ኣይትበል ሃረምረም
ቁስሊ ከይኮነካ ቃንዛ ዘለኣለም።

ንሰብ ኣይትበድል ፍጡር ንኸማኻ
ኣሸካዕሊሉ'ዩ ዝምለስ ሕማቕ ኣብ ርእሲኻ
ምስጢር መዕቆሪ ኣለካ'ዶ ከብዲ
ሓሶት ኣይተብዝሕ ከይጸልኣካ ዓዲ።

ብፋኒኤል ተ/ልደት

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 16-05-2018